

# ዕብየታዊ ትጽቢታት

***80% ዕብየት ናይ የእሙሮ ኣብተን መጀመርታ ሰለስተ ዓመታት ናይ ህይወት እዩ ዝፍጸም!***

ናይ American Academy of Pediatrics ን ናይ Center for Disease Control and Prevention ን ነፍስወከፍ ዉሉድ ክሳዕ ሰላሳን ሹዱሽተን ወርሒ ዕድሚኡ ክበጽሖም ዘለዎ ምስ ዕድሜ-ርክብ ዘለዎም ሓበርቲ ነጥብታት ኣውጺኦም ኣለዉ።

ዕብየታዊ ነጥበ-ምዕራፋት ክብሃሉ ኸለዉ ነፍስወከፍ ዉሉድ ኣብ ዝተወሰነ ዕድመ ደረጃ ክበጽሕኩሉ ክገብሮም ዝኽእሉ ነገራት ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ጥንቅቕ ኢልካ ክርኤ ዝግብኦ ነገር እዩ፣ ምኽንያቱ ነፍስወከፍ ዉሉድ ብናቱ/ታ መገዲ እዩ/ያ ዝ/ትዓቢ። ወለዲ ኣብ ዉሉድኩም ዝኾነ ናይ ዕብየት ጸገማት ወይ ምድንጓያት እንተ ርኢኹም ንሓኪም ናይ ዉሉድኩም ብምሕባር ስጉምቲ ክትወስዱ ይግባእ።

## ዉሉድኩም እንታይ ክገብር ይግብኦ?

**ናይ ቋንቋን ምርድዳእን ምዕባለ**

- ናይ መጀመርታ ስምን ዕድመን ክነግር ይኽእል
- ክልተን ሰለስተ ደረጃ ዘለዎም መምርሒታት ይስዕብ
- ፉሉጥ ነገራት ክሰሚ ይኽእል
- ናይ "ተመሳሳሊ" ን "ዝተፈላለዩ" ሓሳባት ይርዳእ
- ናይ "ኣብ ውሽጢ" ፣ "ኣብ ላዕሊ" ን "ኣብ ትሕቲ" ዝብሉ ሓሳባት ይርዳእ
- ሓሙሽተ ወይ ሹዱሽተ ቃላት ዘለዎ ሙሉእ ሓሳብ ይዛረብ
- ኣብ መብስሕትኡ እዋናት ጓኖት ክርድእዎ ብዝኽእሉሉ ዝኣክል ንጹርነት ብዘለዎ መገዲ ይ/ትዛረብ
- ዘንታ ኽነግር ወይ 2 ክሳዕ 3 ሙሉእ ሓዛባት ዘለዎ ቃለ መልልሳት ክገብር ይኽእል

**ማሕበራዊ/ስምዒታዊ ምዕባለ**

- ሓደሽቲ ተሞኩሮታት ኣቃልቦኡ/ኣ ይስሕቡ
- ምስ ካልኦት ቀለውዕ ጽቡቕ ይ/ትጻወት
- ኣብ ጸዋታ ተራ ይጽበ
- ፍቕሪ ወይ ስግኣታት የርኢ
- ኣብ ናይ ፈንጠዝያዊ ጸዋታ ዘለዎ/ዋ ተባላሕነት እናወሰኸ ምኻድ
- ባዕሉ ይኽደንን ክዳኑ የውጽእ
- ምስ ካልኦት ኣብ ዝህልዉ ዘይምርድዳእኣት መፍትሕታት ይእምት
- እናሓደረ ዝለዓለ ብርእሲ ናይ ምህሕዳር ተኽእሎ የርኢ
- ኣብ መንጎ ፈንጠዝያን ክዉን ነገራት ዘሎ ፍልልይ ኣብ መብዝሕትእ እዋናት ክፈሊ ኣይክእልን

## 36
## ወርሒ ዕድመ

ናይ American Academy of Pediatrics ንኹሎም ኣብዞም ዝስዕቡ ዕድመ ዘለዉ ኹሉ ናይ ዕብየትን ጠባያዊ ምርመራ ንኽግበረሎም ይመክር፤

- 9 ወርሒ
- 18 ወርሒ
- 24 ወይ 30 ወርሒ

**ዕብየት ንምልካዕ ዘገልግሉ ናዉቲ ፤**

- Ages and Stages Questionnaire(ASQ-3)
- Parents' Evaluation of Developmental Status(PEDS)
- Parents' Evaluation of Developmental Status-Developmental Milestones (PEDS-DM)
- Brigance Screens



**ሓገዝቲ ዝብሃሉ ኣፓት፤**

GET IT ON Google Play

Download on the App Store

CDC's Milestone Tracker

Daily Vroom

BabySparks

Office of
Elementary Education
Buffalo Public Schools

እዚ ሓበሬታ ካብ American Academy of Pediatrics ዝምጸን ኣብ https://www.aap.org Centers for Disease Control and Prevention ን ኣብ https://www.cdc.gov/ ን ዝርከብን ካብ
ናይቲ ዲስትሪክት ናይ My Brother's Keeper Initiative ብዝተረከበ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝንቀሳቀስ እዩ።

## ህዋሳዊ ምዕባለ (ምህሮ፣ ምሕሳብ፣ ጸገማት ናይ ምፍታሕ ክእለታት)

- ንገለ ሕብርታት ብልክዕ ይሰሚ
- ናይ ምቑጻር ርድኢት ይህልዎ ሒደት ቁጽርታት ይፈልጥ
- ሰለስተ-ክፍልታት ዘለዎ መምርሕታት ይ/ትስዕብ
- ክፍልታት ናይ ዛንታ ይዝክር
- ናይ ተመሳሳልን/ዝተፈላለዩ ሓሳብ ርድኢት ኣለዎ
- ምስ ባንቡላታት/እንስሳታትን ሰባትን ናይ ፈንጠዝያ ጸዋታ ይጻወት
- መትሓዚ፣ ዝጥወቑ ወይ ዝንቀሳቐሱ ክፍልታት ንዘልዎም ባንቡላታት የንቀሳቕስ
- 3 ወይ 4 ክፍላታት ዘለዎ ግድል ኣብ ጉቡእ ቦታ ምስራሕ ይ/ትኽእል

## ኣካልዊ ምዕባለ (ጠቕላላ ምትንታት)

- ጽቡቕ ይድይብን ይጎዪን
- ብሓደ እግሪ ክሳዕ ሓሙሽተ ሰኮንድ ንዝኸውን ክነጥር ወይ ደው ክብል ይኽእል
- ደረጃታት ናብ ላዕሊ ኾነ ናብ ታሕቲ ብዘይ ዝኾነ ደገፍ፣ ኣብ ነፍስወከፍ ደረጃ ሓደ እግሪ እና ሰጎመ ይኸይድ
- ኩዕጾ ንቅድሚት ይቀልዕ
- ኩዕጾ ብኢዱ ናብ ላዕሊ ይድርቢ
- ነጢራ ዝመጸት ኩዑሶ ኣብ መብዝሕትኡ እዋናት ይሕዝ
- ንቅድሚትን ንድሕሪትን ይንቀሳቀስ
- ሰለስተ እግሪ ዘለዋ ብሽክሌታ ፔዳል እናረገጸ ይኸይድ

## ናይ ዉሱን ክፍልታት ጨዋዳታት ምዕባለ

- ክቢ ወይ ስኩር ቅርጺ ዘለዎም ይስእል ወይ ኮፒ ይገብር
- ገጽ ናይ መጽሓፍ ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ገጽ ጥራሕ ይግንጽል
- መዕጸዊ ወይ መትሓጺ ንዘለዎም ዓበይቲ ጃራት ጠውዩ ይዓጹን ይኸፍት
- መቐዝ ይጥቀም
- ገለ ካፒታል ሌተር (ፊደላት) ኮፒ ምግባር ይጅምር

# ንሓኪም ናይ ዉሉደይ ብዛዕባ እንታይ ክዛረቦ ይክእል?

ነፍስወከፍ ዉሉድ ብናቱ ወይ ናታ መገዲ እያ ምዕባለ የ/ተርኢ። ዉሉድኩም ንሓደ ዝተወሰነ ክእለት ልክዕ መዓስ ከም ዝ/ትምሃሮ ክትፈልጥ ኣጸጋሚ እዩ። ካብዞም ዝተጠቕሱ ምልክታት ናይ ዕብየታዊ ምድንጓያት ምልክት ውሉድኩም እንተርእዩ ምስ ናይ ዉሉኩም ሓኪም ክትራኸቡ ይግባእ።

- ኣብ ሓደ ቦታ ኾይኑ ክዘልል እንተዘይክኢሉ
- ሰለስተ እግሪ ዘለዋ ብሽክሌታ ምዝዋር እንተ ዘይክኢሉ
- ኣብ መንጎ ዓባይ ዓባይቶን ኣጻብዕን ገይሩ ክራዮን ምሓጽ እንተዘይክኢሉ
- ጨሕጊርካ ምጽሓፍ ጸገም እንተርእዩ
- ኣርባዕተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝኾኑ ብሎካት ሓደ ኣብ ልዕሊ ሓደ ክጽፍጽፍ ኣይ/ትኽእልን
- ወለዱ ክኸዱ ኸለዉ ኣብ ልዕሊኦም ይለግብ ወይ ይበኪ
- ከም ፓዝል፣ ፔግ ቦርድ ወይ ናውቲ ዛመሰሉ ዘዋስኡ ጸወታታት ክጻወት ኣይክእልን
- ምስ ካልኦት ቀለውዕ ወይ ባንቡላታት ኣይጻወትን
- ኣምሲልካ ወይ ከም ካልእኮይንካ ዝግበሩ ጸዋታታት ኣይጻወትን
- ምኽዳን፣ ምድቃስ ወይ ሽንት ቤት ምጥቃም ይኣቢ
- ክሓርቕ ወይ ክቁጣዕ ከሎ ነፍሱ ብዘይቆጻጸረሉ መገዲ ተባራዒ ጣባያት የርኢ
- ካብ ሰለስተ ቃላት ንላዕሊ ዘለዎ ሙሉእ ሓሳባት ኣይጥቀምን
- ኣብ ሓደ እዋን ዝነበሮ ወይ ንዝነበራ ክእለታት የጥፍእ ወይ ተጥፍእ

### ዉሉድኩም ንኽምሃርን ክዓብይን ዝሕግዙ ኣዎንታዊ ናይ ቆልዑ ኣተዓባብያ ምኽርታት



ነቲ ታተ ኢሉ ዝኸይድ ዉሉድካ መዓልታዊ ኣንብበሉ። ዉሉድካ ነቲ ኣብ ስእሊ ንዝርእዮ ንኽመልክትን ንኽሰምዮምን ሕተቶ።

ኣብ ውሽጢ ገዛ ንዘለዉ ነገራት ንኽትረኽበልካ ወይ ንክፍሊ ኣካላት ወይ ናይ ነገራት ንኽትሰሚ ሕተታ።

ከም በብቅርጹ ምፍልላይን ቀለልቲ ፓዝላት ዝኣመሰሉ ናይ ምዝማድ ጸወታታት ምስ ብታተ ዝኸይድ ዉሉድካ ተጻወት።

ምስ ዉሉድካ ናይ ምቁጻር ጸወታታት ተጻወት።

ምስ ብታተ ትኸይድ ዉሉድካ ብምጽራብን ንዝጀመረቶም ቃላት እናወሰኽካ ንዘለዋ ናይ ቋንቋ ኽእለት ኣብ ምምዕባል ሓግዝ።

ዉሉድካ ባዕሉ ክኽደንን ክምገብን እናገበርካ ነፍሱ እናኽኣለ ዝዓብየሉ ኩነት ኣብ ኣተባብዕ።

ዉልድካ ክሓርቕ ከሎ ከመይ ገይሩ ጸገማት ክፈትሕ ከምዘለዎ ንኽምሃር ምስኡ ብሓንሳብ ስራሕ።

ናብ ናይ መጻወቲ ግሩፓታት እናወሰድካ እቲ ብታተ ዝኸይድ ዉሉድካ ንዘለዎ ድልየትን ኣዎንታዊ ናይ ምጽዋት ጠባያትን ከም ተተባብዕ ግበር።

ኣብ ደገ ምስ ውሉድካ ብሓንሳብ ተጻወት። ናብ ፓርክ ኪድ ኣብ ትሬይላት ከኣ ብእግሪ ኺድ። ንዉሉድካ ክጻወትን ብናጻ ነገራት ክድህስስ ፍቐደሉ።

ዉሉድካ ወረቐት፣ ክራዮናትን ናይ ሕብሪ መልከዪ መጻሕፍቲ ከም ዝህልዎ ግበር። ምስ ዉሉድካ ኾይንካ ብሓባር መስመራትን ቅርጽታትን ልኽን ኣስምርን።

እዚ ሓበሬታ ካብ American Academy of Pediatrics ዝመጸን ኣብ https://www.aap.org Centers for Disease Control and Prevention ን ኣብ https://www.cdc.gov/ ን ዝርከብን ካብ ናይቲ ዲስትሪክት ናይ My Brother's Keeper Initiative ብዝተረክበ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝንቀሳቀስ እዩ።

እዚ ሓበሬታ ካብ American Academy of Pediatrics ዝመጸን ኣብ
https://www.aap.org Centers for Disease Control and Prevention ን ኣብ
https://www.cdc.gov/ ን ዝርከብን ካብ
ናይቲ ዲስትሪክት ናይ My Brother’s Keeper Initiative ብዝተረክበ ገንዘባዊ ሓገዝ
ዝንቀሳቀስ እዩ።